## ትግርኛ

ኣብ ኤም.ቲ.ኤም (MTM): ነቶም ብምኽንያት ምግደራ ሕቱም ጽሑፍ ከተንብቡ ዚጽግመኩም ዚጠቕሙ መጻሕፍቲ ነዳሉን ነለቅሕን ኢና። ከም ኣብነት ኪጥቀስ ዚኽእል:-

- ጸገማት ንባብን ጽሕፈትን
- ንኩይ ዓቕሚ ምርኣይ
- ካልኦት ምግደራታት: ንኣብነት ከም ምንቅስቓሳዊ ምግደራን መጕዳእቲ እዝንን
- ቀልባዊ ምግደራ
- መትነ-ሳይኪያትራዊ ምግደራ ከም ኣውቲዝምን ኣደሆደን
- ብምኽንያት ሕማም ወይ መጕዳእቲ ዚመጽእ ግዜያዊ ምግደራ

ሽወደንኛ ካልኣይ ዝቛንቋኦም ብዙሓት ሰባት: ዚስምዑ መጻሕፍቲ ብሽወደንኛን ብኻልኦት ቋንቋታትን ከንብቡ ይደልዩ። ዚስምዑ መጻሕፍቲ ግን እቶም ብምኽንያ ምግደራ ዝተሓትመ ጽሑፍ ኬንብቡ ዘይከእሉ ሰባት ጥራይ'ዮም ኪልቅሕዎም ዚፍቀድም።.

### ዚስምዑ መጻሕፍቲ ኪበሃል ከሎ እንታይ ማለት'ዩ፧

ዚስምዑ መጻሕፍቲ ኣብ ሕጊ መሰል ደረስቲ ብዘሎ ፍሉይ ሕድገት መሰረት ይዳለዉ። ነቶም ብምኽንያት ምግደራ ሕቱም ጽሑፍ ከተንብቡ ጸገም ዘሎኩም ኪጠቕሙ ተባሂሎም ብፍሉይ ተነቢቦም ይዳለዉ። ሓደ-ሓደ ዚስምዑ መጻሕፍትና ቃልን ጽሑፍን ዝሓዙ'ዮም። ኣብዞም መጻሕፍቲ: ኣብ ናይ ኮምፕዩተር ወይ ሞባይል ስክሪን ጽሑፍን ስእልን ምርኣይ ይከኣል።

### ዚስምዑ መጻሕፍቲ ምልቃሕ

ኵላተን ኣብ ሽወደን ዘለዋ ኣብያተ ንባብ ዚስምዑ መጻሕፍቲ የለቅሓ። ነዞም መጻሕፍቲ: ብመልክዕ ሲዲ: ብመልክዕ ዩኤስቢን ሜሞሪ ካርድን ምልቃሕ ይከኣል። ምስክር ወረቐት ምርኣይ ከየድለየካ: ዚስምዑ መጻሕፍቲ ከም ትደሊ ብምሕባር ጥራይ ምልቃሕ ይከኣል። ልቓሕ ኵሉሳዕ ብናጻ'ዩ። ንሰራሕተኛታት ሕተቱ፤ ደስ እናበሎም ኪሕግዙኹም'ዮም።

### ዚስምዑ መጻሕፍቲ ምውራድ

ዚስምዑ መጻሕፍቲ ካብቲ "ለጊሙስ" (Legimus) ተባሂሉ ዚጽዋዕ ካታሎግ ብቐጥታ ምውራድ'ውን (ዳውንሎድ) ይከኣል። እቲ እትኸድዎ ቤት ንባብ: "ዩዘር ነይምን" "ፓስወርድን" (användarnamn och lösenord) ኣብ ምውጻእን ከመይ ጌርኩም ከም ትጥቀሙን ብምርኣይ ኪተሓጋገዘኩም ይኽእል'ዩ።

### ዚስምዑ መጻሕፍቲ ምንባብ

ዚስምዑ መጻሕፍቲ ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም:- ብፍሉይ መስምዒ ቴፕ: ኣብ ኮምፕዩተር: ኣብ ሞባይል ቴለፎን ወይከኣ ኣብ መንበቢ ቀጻላ (ኣይፓድ)።

ኣብ ሞባይል ቴለፎን ወይ ኣብ ቀጻላ ኣይፓድ ንምንባብ: "ለጊሙስ" ተባሂሉ ዚጽዋዕ (Legimus) ኣፕና ትጥቀም። እዚ ኣፕ ናጻ'ዩ። በቲ ካብ ቤት ንባብ ዝተዋህበካ ኣካውንት ተጠቒምካ ናብቲ ኣፕ ትኣቱ።

### ብፊደል-ዕውራን ዝተዳለዉ መጻሕፍቲ

ብፊደል-ዕውራን (ብረይል) ብሓያለ ቋንቋታት ዝተዳለዉ መጻሕፍቲ'ውን ነለቅሕ ኢና። ተለቃሕቲ ጽሑፋት ብረይል ክትኮኑ ምሳናርክብ ግበሩ።

### ከመይ ዝበሉ መጻሕፍቲ ምልቃሕ ይከኣል፧

ኣብ ለጊሙስ: ኣየኖት ዚስምዑ መጻሕፍትን ኣየኖት ብብረይል ዝተዳለዉ መጻሕፍቲ ከም ዘለዉን ክትርእዩ ትኽእሉ። ብኻልእ መልክዕ (ፎርማት) ዝተዳለው መጻሕፍቲ'ውን ክትረኽቡ ትኽእሉ። ካብ ካልኦት ሃገራት መጻሕፍቲ ክትልቅሑ'ውን ክንተሓጋገዘኩም ንኽእል ኢና።

Legimus finns på www.legimus.se